**ኣርእስቲ፡ ዕድመ ኣብ OZO ምትእስሳር ክንክን ንምስታፍ**
**ዕለት፡**

ናብ ዝኸበርካ/ኪ

ኣብ ዝሓጸረ እዋን መራኸቢ ፕሮግራም ናይ OZO ምትእስሳር ክንክን ንኽትጀምር ተኽእሎ ኣለካ። እቶም ካብ መጀመርያ ኣብ ምምሕዳር ኣፓልዶርን ኣብ ጉዳይካ ምትእስሳር ዘለዎም ኩሎም ሰብ ሞያን ወለንተኛታትን ብዝቐልጠፈን ብዝቐለለን ኣብ ነንሕድሕዶም በዚ መራኸቢ ፕሮግራም ክራኸቡ እዮም። ኣብዚ ንስኻ ድማ ማእከል ናይቲ ጉዳይ ኢኻ፡ ዝተፈላለዩ ኣካላት ብስርዓት ናይ OZO ምትእስሳር ክንክን ምሳኻ ክራኸቡ ይኽእሉ። ንስኻ ውን ምስ ብፍላይ ሓገዝትን ተኸናኸንትን፡ ምምሕዳር ኣፖልዶርን፡ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ኣፖልዶርንን ናይ ስራሕ ትካል Lucrato ብቐሊሊ ክትራኸብ ትኽእል።

ብ OZO ምትእስሳር ክንክን ናይ ሓባር ስራሕ ይድልድል። ብቀሊል ናይ ኮምፕዩተር ፕሮግራም ድማ ኩሉም ትካላት ናብ ጥቓኻ ይቐርቡ። ኣብዚ መርበብ መን ከም ዝሳተፍ ንስኻ ባዕልኻ ትውስነሉ መራኸቢ መርበብ ይቐውም። እቶም ተሳተፍቲ ኣካላት ድማ ብዛዕባ ናትካ ኩነታት ብዝበለጸ ክፈልጡ ስለዝኽእሉ ብቐሊሉ ድማ ክሕግዙኻ ይኽእሉ። ናይቲ ብዛዕባኻን ምስኻን ዝመሓላለፍ ሓበሬታ ዋና ግን ንስኻ ኢኻ። ኣጠቓቕማ ናይዚ ፕሮግራም ቀሊል ኮይኑ ወጻኢታት ኣይሓተካን እዩ።

ኣብዚ ፕሮግራም እዚ ሓበሬታን መምርሒታትን ብዛዕባ ናይ ምስ ሕብረተሰብ ምውህሃድ ትምህርትን ኣብ ሕብረተሰብ ምውህሃድን ዝምልከት ጉዳያት ንስኻ ኣብ ሆላንድ ክትወስዶ ትኽእል/ዘለካ ስጉምትታት ትረክብ። ተወሳኺ ነቶም ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ሰባት ብቐጥታ ምእንቲ ክትረኽቦም በዚ ፕሮግራም እዚ ጌርካ መልእኽትታት ክትሰድድ ትኽእል። በዚ ፕሮግራም ጌርም ድማ ንሶም ኣብቲ ዝሰደድካዮ መልእኽቲ መልሲ ይሰዱልካ። ብጀካ እዚ እቶም ተሳተፍቲ ኣክላት ብዛዕባ ናትካ ናይ ውልቂ ኩነታት ንክመያየጡ ርኽክባት ክገብሩ ይኽእሉ። ብዛዕባ እዚ ኩሉግዜ ክትሕበር ኢኻ።

እዚ ፕሮግራም እዚ ውሑስ እዩ። ዝኾነ ተጠቃማይ ፍሉይ ናይ ተጠቃማይ ስም ይወሃቦ መሕለፊ ኮድ ድማ ባዕልኻ ትገብር። እቶም ተሳተፍቲ ኣካላት ንዓኻ ጽቡቕ ጌሮም ክሕግዙኻን ክመኽሩኻን ዘድልዮም ኣገዳሲ ሓበሬታ ዝምልከት ጥራሕ ክኣትዉ ይኽእሉ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ናብ ወብሳይት www.ozoverbindzorg.nl. ከነመሓላልፈካ ንፈቱ። ኣብዚ ወብሳይት ድማ ናይ ክንክን መዳያት ዘሎ ኣብነታት ትርኢ። ነዚ ፕሮግራም ግን ምስቲ ብሙሉኡ ምስ ናትካ ኩነታት ብዝሰማማዕ ኢና ነቕርቦ። ኣብቲ ወብሳይት ውን ናይ ቪድዮ መምርሒታት ምስ መግለጺታቱ ኣሎ። www.ozoverbindzorg.nl/instructievideos/

ኣብ OZO ምትእስሳር ክንክን ንምስታፍ ምስዛ ደብዳቤ እዚኣ ናይ ፍቓድ ምሃብ ጽሑፍን ከምኡውን መመዝገቢ ዝምላእ ቀጥዒ ኣተሓሒዝና ንስድድ ኣለና። ነዘን ጽሑፋት እዚኣተን ድማ ነቲ ናትካ ናይ OZO ምትእስሳር ክንክን ኣወሃሃዲ ስራሕ ክትህቦ ትኽእል።

ንተሳታፍነትካ ኣቐዲምና ነመስግን!

ምስ ሕውነታዊ ሰላምታ

ምምሕዳር እፐልዶርን፡ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ኣፐልዶርን፡ ናይ ስራሕ ትካል Lucrato ከምኡውን ጉጅለ OZO ምትእስሳር ክንክን